## ኣባላት ሓበሬታ ዝረኽቡሉ ወረቐት

## ኣብ ስራሕ ቦታ ንዝርኣይ ናይ ምዕግርጋር ጠባያት ምስዘጋጥመኩም መልስኹም እንታይ ክኸውን ከም ዘድሊ

**ኣብ ስራሕ ቦታ ዝርኣይ ናይ ምዕግርጋር ጠባያት ማለት እንታይ እዩ፤**

መልሲ ናይዚ ሕቶ ከገርመኩም ይኽእል እዩ። ብ OHSU Public Safety Department (ብናይ ኦ ኤች ኤስ ዩ ፓብሊክ ሴፍቲ ዲፓርትመንት) ከምዝተገልጸ፡ ኣብ ናይ ኦ ኤች ኤስ ዩ ቁጽሪ ፖሊስ #07-30-020 ኣብ ስራሕ ቦታ ዝርኣይ ናይ ምዕግርጋር ጠባያት ማለት፡ነዞም ዝስዕቡ ጥራይ እኳ እንተዘይኮነ፡ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልል እዩ።

- ንኻልእ ሰብ ምንእኣስ
- ናብ ኻልእ ሰብ ገለ ሕማቕ ነገር ንምፍጻም ምፍካር
- ንካልእ ሰብ ምፍርራሕ
- ንካልእ ሰብ ምድሃል
- ንካልእ ሰብ ምክትታል (ኣብ ORS 163.732 ከም ዝተገልጸ )
- ንካልእ ሰብ ምህራም (ኣብ ORS 654.412 ከም ዝተገለጸ )
- ንካልእ ሰብ ንሓደጋ ወይ ጉድኣት ብዘጋልጽ ኣገባብ ናይ ካልእ ሰብ ንብረት ምብልሻው።

እዚ ባህርያት ብጽሑፍ፡ ብቃላት፡ ብኤሌክትሮኒካዊ ወይ ብኣካላዊ ጎነጽ ዝፍጸም ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብ ኦ ኤች ኤስ ዩ ከምዝተገልጸ ኣብ ስራሕ ቦታ ዝርኣይ ናይ ምዕግርጋር ጠባያት ዝብሃል እቲ ኣብ ካልኦት ዝፍጸም ዝኾነ ተግባራት ምፍርራሕ፡ ምንእኣስ ወይ ብመደብ ንካልኦት ናብ ሓደጋ ወይ ጉድኣት ንክቓልሑ ምስራሕ እዩ።

**ኣብ ስራሕ ቦታ ዝርኣይ ናይ ምዕግርጋር ጠባያት ግዳይ ዝኾነ ሰብ እንተጋጢሙኩም ወይ ንነብስኹም ግዳይ እንተኾይንኩም ብወገንኩም እንታይ ክትገብሩ የድሊ፤**

እንደገና ብናይ ኦ ኤች ኤስ ዩ ፓብሊክ ሴፍቲ ዲፓርትመንት ከምዝተገልጸ፡

> *"ንኣባላት ኦ ኤች ኤስ ዩ ዝጸልዉን ኣብ ስራሕ ቦታ ንዝፍጸሙ በደላት ብሙሉኦም ናብ ፓብሊክ ሴፍቲ (ኣገልግሎት ሕዝባዊ ድሕንነት) ምሕባር የድሊ። ፓብሊክ ሴፍቲ እውን ብወገኖም እቲ ፖሊሲ ብዘፍቅደሎም መሰረት ንዝረኸብዎ ሓበሬታ ብግቡእ ክምዝግብዎ፡ መልሲ ክህቡሉን፡ ክስንድዎ እዮም።"*

ኣባል ናይ AFSCME ሎካል 328 እንተኾይንኩምን ኣብ ስራሕ ቦታ ንዝርኣይ ናይ ምዕግርጋር ጠባያት ናብ ዝምልከቶ ኣካል ምሕባር ከምዘድልየኩም ትጣራጠሩ እንተኾንኩም ፡ ወይውን ንምሕባሩ ፍርሒ እንተሓዲርኩም፡ ወይውን ንዝተፈጸመ በደል እንተሓቢረ ካብ ካልኦት ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ክወርደኒ ይኽእል እዩ ዝብል ፍርሒ እንተሕዲርኩም - ነቲ ዝተፈጸመ ነገር ሪፖርት ምግባር ምእንታን ክንትሓበበረኩም ናባና ደውሉ።

ክትዝክርዎ ዘድልየኩም ነገር፡ ኣብ ስራሕ ቦታ ናይ ዝርኣይ ናይ ምዕግርጋር ጠባያት ግዳይ ንምኳን ኣካላዊ ማህረምቲ ማህሰይቲ ክወርደካ/ክወርደኪ ግድን ኣይኮነን።

ብጽሑፍ ወይ ብቃላት ንኻልኦት ምድፋር፡ ምንእኣስ ወይ ምስትንዓቕ ኣብ ስራሕ ቦታ ናይ ዝርኣይ ናይ ምዕግርጋር ጠባያት እዮም፤ ነዚ ምስትዕዘቡ ምሕባር የድሊ።

ኣብ ስራሕ ቦታ ንዝርኣይ ናይ ምዕግርጋር ጠባያት ኣብ ምሕባሩ(ሪፖርት ምግባር) ሕቶ ምስዝህልወኩም ወይውን ሓገዝ ምስእትደልዩ ናብ ቁጽሪ ስልኪ (971) 271-7832 ደውሉ ወይውን ናብ www.local328.org ዝብል ናይ መርበብ ገጽ ኣብ ዘሎ ላዕላዋይ ክፋል (ሜኑ ባር) ንዘሎ "CONTACT

US" ዝብል ጠዊቕኩም መልእክቲ ስደዱልና።

---

**ብማሕበር ዝተጠርነፈ ዝያዳ ሓይሊ ኣለዎ።**

**ማሕበር(ዩኒየን) ውጽኢታዊ እዩ!**

STRONGER TOGETHER

UNIONS WORK!